ናይ ኤርትራ ኦርቶዶክስ ተዋህዶ
ደብረ ሰላም መድሓኔዓለም ቤተክርስትያን
ኣምስተልፈን- ኣምስተልላንድ
ሆላንድ።

Eritrean Orthodox Tewahdo
MedhanieAlem kerk
Amstelveen -Amstelland
Holland.

3 ሚያዝያ 2012 ዓ.ም.ግ.
13 ሚያዝያ 2020 ዓ.ም.ፈ.
ደ/ሰ/መ/ኣ/ኣ2012-231

በስመኣብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ ኣሓዱ ኣምላክ ኣሜን።

ጉዳይ፥ ኣብ ቤተክርስትያንና ካብ ሆሳእና ክሳብ ፋሲካ 2012 ዓ.ም.ግ. ዘሎ መደባት ብዝምልከት ዝቐርብ ሓበሬታ፥

ዝኸበርኩምን ዝኸበርክንን ኣባላት ደብረሰላም መድሓኔዓለም ኣምስተልፈን-ኣምስተልላንድ፡

ብመጀመርታ ነቲ ልዑል ባህርይ ዝኾነ እግዚኣብሔር ኣምላኽና፡ ክሳብ እዛ እዋን እዚኣ ዘጽነሓና ዝለዓለ ምስጋና ይብጻሓዮ። ኣስዒብና ከኣ ንኩልኹም ምእመናንን ምእመናትን እዛ ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ቅድስቲ ቤትክርስትያንና፡ ኣብ ህይወትኩም ምሉእ ጥዕና ኣብ ሥራሓትኩም ከኣ ኣሳልጦ ንምነየልኩም። ካብ'ዚ ወሪዱ ዘሎ ቀዛፊ ሕማምን፡ ካብ ዝኾነ መዓትን ከድሕነና፡ ንጐይታናን መድሓኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ ንልምኖ።

ካብ'ዚ ቀጺልና፡ መደባትና በዚ ዘሎ ኩነታት ምኽንያት ይቀያየር ከም ዘሎ እንዳ ኣገንዘብና፡ እዞም ዝስዕቡ መደባት ኣመልኪትና ኣገዳሲ ሐብሬታ ነመሓላልፈልኩም፥

1- ሰንበት ሆሳእና 12-04-2020 (04-04-2012 ግዕዝ) ጸሎት ኣብ ቤተክርስትያንና <u>ካብ ሰዓት ክልተን ፈረቓን ድሕሪ ቀትሪ (ድ.ቀ.) ክሳብ ሰዓት ሓሙሽተ ድ.ቀ. (14:30 ክሳብ 17:00</u> ብFacebook ናይ ቤተክርስትያንና ተኸታተሉ፣
2- ጊዜ ሕማማት ካብ ሰኑይ ክሳብ ዓርቢ፡ ብሓፈሽኡ ካብ ሰዓት 10:00 ክሳብ 15፡00 (ክሳብ ሰዓት 3 ድ.ቀ.) ጸሎትን ምህልላን፡ ኣብ ዘለኹሞ ኰንኩም፡ ብFacebook ካብ ቤተክርስትያንና ብቐጥታ ዝመሓላለፍ ተኸታተሉ፣
3- ኣብ በዓል ፋሲካ እውን ጸሎት ክህልወና ኢዩ። እዚ'ውን ኣብ ዘዘሎናዮ ቦታ ኰይንና እንከታተሎ ጸሎት ኰይኑ ክመሓላለፍ ኢዩ። ነቲ መደብ ኣመልኪትና ደሓር ክንሕብረኩም ኢና።

**መተሓሳሰቢ፥**

- በዓለ ሕማማትን ፋሲካን፡ ብሰንኪ እዚ ተኸሲቱ ዘሎ ኩነታት፡ ከም ቀደምና ብሓባር ኣብ ቤተክርስትያና ከነካይድ ከም ዘይንኽእል ዳግም እንዳሓበርና፡ እቲ ጸሎት ብውሱናት ኣገልገልቲ ከነካይድ ኢዩ ተፈቒዱልና ዘሎ'ሞ፡ ኣገልገልቲ ካህናትን ዲያቆናትን'ውን ኣብ ዘዘለኹሞ ኰንኩም ብጸሎት ሓግዙና። ሕጊ/ውዕል ስለ ዝግድደና፡ ዝመጸ ሰብ ኣብ ቤተክርስትያን ከም ዘይኣቱ ነፍልጥ።
- ብምቕጻል ነዚ እነመሓላልፎ ዘሎና ሓበሬታ፡ ዘይሰምዐ ሰብ ምእንቲ ክሰምዖ፡ ክትሕብሩ'ውን ንላበወኩም።
- ብተወሳኺ ከኣ ኣብ ትሕቲ እግዚኣብሔር፡ ንጥዕናና ዝምልከት ሓካይምን መንግሥታዊ ትካላትን ዘመሓላልፉዎ ዕላዊ ሓበሬታትን መምርሒታትን፡ ብግቡእ ክትጥቀመሉ ደጋጊምና ንላበወኩም።

**ንሓበሬታኹም፥**

- ቤተክርስትያን ደብረሰላም መድሓኔዓለም ብYoutube ጸሎት የመሓላልፍ ከም ዘሎ ክነዘኻኽረኩም ንፈቱ።
- ብFacebook ከኣ Debreselam Medhanie-alem Bietekrstyan Amstelveen-Amstelland Nederland ተኸታተሉ።

ምስ መንፈሳዊ ሰላምታ

እግዚኣብሔር ኣምላኽና ሃገርና ኤርትራን ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ቅድስቲ ቤተክርስትያንናን ይባርኸልናን ይዓቅበልናን

መልኣከ ሰላም ቀሺ ክብሮም ኪዳነ

ሰበኻ ጉባኤ ደብረ ሰላም መድሓኔዓለም

*Het Kerkelijke bestuur*
Email:
debreselammedhaniealem@gmail.com
www.debreselam-medhaniealem.com
**Amstelveenseweg-965**
**1081 JG Amsterdam**
**Nederland**